


# ደሓን ኩን፡ ደሓን ኩን፡ እዮባይ ሓለንጋይ፡

ብመሓምድ ብርሃን ብላታ፡

ወደቦይ ብስራት ኣዮባይ ሓለንጋይ ነዊሕ ዝቖመቱ፡
ፍጥነት ሰገን ክስጉም ሓይሉን ትሩን ናይ ኣንበሳ ዝምልክቱ፡
ሰፊሕ ዘእምርኡ ብቐሊል ዘይርከብ ብልሒ ከምቲ ናቱ፡
ኣብ ቀዳሞት ይስራዕ ካብ ክሎም እቶም መማህርቱ መተዓብይቱ፡
ኣዘንቲኻ ዘይውዳእ ክሉ'ቲ ናይ ታሪኹ ጽሑፋት መዝገባቱ።

እዮባይ ሓለንጋይ ክብልዎ ደጋጊሞም ክጽውዑዎ፡
ሹም ንህቢ ክመስል ኣኽቢቦም ክዓስሉዎ፡
ኣንበሳ ብረኻ ይመስል ብግርምኡ ክሓፍርዎ ከኽብሩዎ፡
ጎቦታት ናይ ባሕርና ይመስል ግመታት ክሕዘሉዎ፡
ቀይሕ ባሕርና ይመስል ብትሕዝትኡ ዓለም ዝምነዩዎ
ውሓይዝ ባርካ ዓንሰባና ይመስል ብባህርያቶም ክጽግዑዎ፡
ደይ ብምቕልሉነቱን ሰናይ ተግባሩን ደኣሎም ብልቦም ዝምነይዎ።

ጥበበኛ ነይሩ ፍሉጥ ብብልሒ ክእለቱ፡
ተውህቦ ድዩስ ነይሩስ ወይ ዝወረሶ ካብ ስድታቤቱ፡
ንኹሉ ዘይጽግሞ የቃልሎ ይፈትሖ ከከም ኩነታቱ፡
ብልውሃቱን ሕያውነቱን መዘና ዘይርከቦ ብዙሕ'ዩ ኣበርኪቱ፡
ጽሒፍካን ኣዘንቲኻን ኣይውዳእን ናይ ኡዮብ ታእሪኽ ተረቱ።

ንፍልጠት ኣሎኹልኪ ክብል ብኩቡእ ኣጽኒዑ ተታሒዙዎ፣
ንሕብረተሰብ ኤርትራ ብኹሉ ሸነኻቱ ብዑምቀት ኣለሊዩዎ፣
ንክውንነቱን ባህርያቱን ብጉቡእ ተንቲኑዎ ብንቕሓት ፈሊጡዎ፣
ምስ ኩሉ ክኣሌ ግቡኡ ከበርክት ኣዛሚዱ ክዋሳእ መዓስከ ኣጸጊሙዎ፣
ሕውነቱን ልውሃቱን ምስ ኩሉ ብግብሪንድዩ ዘርኣዮ።

እዮባይ ተሰሊፉ ንሜዳ ግብኡ ከማልእ፣
ብሰውራዊ ተወፋይነት ተልእኹኡ ከረድእ፣
ኣብ ወርሒ ታሕሳይ 1974 ንሜዳ ክመጽእ፣
ክቃለስ'የ ክብል ሓርነትን ናጽነትን ከምጽእ፣
ጉዕዞኡ ቀጸለ ኣብ ዝተፋላለዩ መዳያት ግብኡ ከበርክት።

ወደቦይ ብስራት እዩባይ እቲ ውፉይ ምዓስ ክፍለየና፣
ብኣካል ደኣምበር ብመንፈስሲ ንዘልኣለም ክሰፍር ኣብልብና፣
ምስ ቀዳሞት ጀጋኑ ስውኣትና ክንዕቅቦ ብዕምቀት ኣብልብና፣
ዘይሃስስ ሸምዓ ክንውልዓሉ ክኾነና ሓወልቲ ሓባሪና፣
ኣበርቲዕና ክንቃለስ ምእንቲ ድሕነትን ረብሓን ሰፊሕ ህዝብና
መብጸዓ ክንኣቱ ክንምሕል ክንክተል ኣሰር ስውኣትና።

ወደቦይ ብስራት እዮባይ ኩርዓት ሓበን ህዝቡ፣
ተቓሊሱ ዘቃለሰ ብዕምቀት ፖሎቲካዊ ንቕሓቱ፣
ብሓቦን ትብዓትን ዝመከተ ዘበርከተ ህያቡ፣
ዘይርሳዕ ርእሰ ተኣማምንነት ምስ ተወፋይነቱ፣
ጸኒዑ ዘጸናንዐ ብንቕሓት ብትሕዝቶ መልእኽቱ፣
እዮባይ ዝመስረቶ ፍቕሪ ህዝቢ እነሆንዶ ሕጂ ይረአ ምልክቱ።

*እዮባይ ነፍሲሄር ብኣካል እንተ ረሓቒ።*

*ታሪኹ'ሎ ዝዝንቶ ዘይሃስስ ከም ሽምዓ ዝደመቐ፣*

*ብመንፈስ'ሎ ምስ ኩሉና ኣብ እነካይዶ ኩዕዞ ቃልስና፣*

*መብጽዓ ክንኣትወሉ ክንቃለስ ብትሪ ከይተሓለልና፣*

*ካብ ሰቓይ ናይ ውልቀ መላኺ ክትገላገል ክብርቲ ሃገርና፣*

*ብግዝኣተ ሕግን ማሕበራዊ ፍትሕን ደሞክራስን እትግዛእ ክትኮነልና፣*

*ሃየ ሓቦ ንበል ንጠርነፍ ኣብ ንጹር መስመር ዘረጋግጸልና ሓድነት ህዝብና፣*

*ኣይንወላወል ግዜኡ ኣኺሉ ተበጊሶ ክንወስድ ንረብሓ ኤርትራና፣*

*ኣይንወላወል ግዜኡ ኣኺሉ ተበጊሶ ክንወስድ ንረብሓ ሰፊሕ ህዝብና።*

*ንመዋቲ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ ኣብ ሰፊሕ ዳሩ ይቀበሎ*

*ንክብርቲ በዓልቲ ቤቱን ፍትዋት ደቁን ክብርቲ ወላዲቱን*

*ንመላእ ስድራቤቱ ጽንዓት ይሃብኩም ራሕሰ ይግደፈልኩም።*

*ኣብ ግዝኣተ ሕግን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝተሞርኮሰት ሰፊሕ ህዝቢ ዝውንና ካብ ዓልየተይዶ ወገነይ ነጻ ዝኾነት ብልጽግትን ምዕብልትን ሓዳሽ ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ከይተሓለልና ክንቃለስ ኢና ብርግጽ ክንዕወት ኢና።*

*ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ጀጋኑ ስውኣትና።*

*መሓመድ ብርሃን ብላታ*